# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.240 | ሰንበት 7 ሰነ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ካብ ኣደነቕቲ ፌስቲቫላት



ገጽ 4
ዓለማዊ መዓልቲ ኣከባቢ - ክሊማዊ ስጉምቲ



ገጽ 5
ሓካይምን ተሓከምትን ሰውራ




ገጽ 8
ማራቶን ኣስመራ፡ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ


## ዓለምለኻዊ መዓልቲ ኣከባቢ፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

5 ሰነ - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ኣከባቢ፡ "ንቑሕ ግብራዊ ተሳትፎ መንእሰያት ተመሃሮ፡ ንምግታእ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ።



ኣብ'ቲ ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽቡሉ መደብ፡ ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ መንእሰያት ተመሃሮ ንሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ተገንዚቦም፡ ኑቲ ብዐቢ ኸበርስ ዝጸንሐ ኣከባቢ ናብ ንቡር ንምምላስ ክሰርሑን ረብሕኡ ተረዲኦም ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት ኣከባቢ ተጣበቕቲ ብምዃን መሪሕ ተራ ክጻወቱን ኣተሓሳሰበ።

"ኣብ መላእ ዓለም ዝኽሰት ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ፡ ብሰንኪ ምትእትታው ደቂ-ሰብ ኣብ ኣከባቢ ዝሰዓበ'ዩ" ዝበለ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ዝ. ንምልዋጥ - ተራን ኣበርክቶን መላእ ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ናይ መንእሰያት ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ንትካል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ዝወከለት ሚስ ነሺዳ ሳታርን ኣባል ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግቢን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ኣቶ ስዩም ጠዓመን ብወገኖም፡ ኤርትራ ኣብ ንጥፈታት ምግራብ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ከምኡ'ውን ኮም ሰረት ኣብ ዝገበረ ምሕደራ ባህርያዊ ሃብቲ ተኻይዶ ዘላ ወፍሪ፡ ኣብ ባይታ ኣድማዒ ውጽኢት ደርኪቦ ከምዘሎ ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ጽንብል፡ ክሊማዊ ለውጥን ሳዕቤናቱን ብደረጃ ዓለምን ሃገርናን፣ ከምኡ'ውን ውጽኢት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዝብል መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብክኢላታት ቀሪቡ።

እቲ መደብ፡ ኑቲ ቴማ ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ዝተሰነየ ክኸውን ከሎ፡ ብምኽንያት'ቲ ዕለት ኣብ መንጎ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

5 ሰነ - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ኣከባቢ፡ ብመሰረት ውሳነ ኣብ 1972 ዝተቓነዐ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ካብ 1973'ያ ብደረጃ ዓለም ክትዝከር ጀሚራ።

## ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ፡ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ኣቃኒዑ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ፡ ትማሊ 6 ሰነ - መበል 22 ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ፡ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ






ፓላስ ኣቃኒዑ።

ግዝያዊ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ጳውሎስ ተኽለኣብ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ኣብ 2025 ኣብ ሃገርና ኣስታት 43 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ክሳራ ዘውረደ ሓደጋታት ንመድሕን ዘለዎም ውልቀ-ሰባትን ትካላትን ከምዘጋነፈ ገሊጹ።

ኣቶ ጳውሎስ ኣስዒቡ፡ ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ፡ ካብ ሓፈሻዊ መሸጣ ኣገልግሎት መድሕን 321 ሚልዮን ናቕፋ ኣታዊ ከምዝዘበረን ናይ 91 ሚልዮን ናቕፋ መኽሰብ ከምዘመዝገበን ብምሕባር፡ ንወነንቲ ብርኪ 83 ሚልዮን ናቕፋ ምቅሊት ክመቓረሒ ብመንገዲ ቦርድ ከምእተኣመመ ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ክቶደድ ብዝጸንሐ ኀስንሳት ኣፍልጦ ሕብረተሰብና ብምዕባዩ፡ ብጉድለ ዝኣቶ ናይ ህይወት መድሕን ካብ 2024 ብ16 ሚእታዊት ወሰኽ ከምዘርኣየ፡ እዚ ድማ ካብ ሓፈሻዊ እቶት ትካል ካብ 10 ናብ 11 ሚእታዊት ከምዘሸፈነ ሓቢሩ።

ኣቦ-መንበር ቦርድ ዳይረክተራት ኣቶ ገብረብርሃን ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ መድሕን ብምጡን ዓመታዊ ክፍሊት ዜጋታትን ትካላትን ካብ ቀጻጽር ወጻኢ ብዘኸሰ ሓደጋታት ዝስዕብ ክሳራታት ብምድሓን፡ ውሕስነት ከምዘስመየም ዝጉብር፣ ዘደርጉእነት ብምቅላል፡ ስርዓት-ንግዲ ዘሳልጥ፣ ወሀለላን ወፍርን ዘበራብር፣ ብሰንኪ ሞት ኣለይቲ ስድራ ኣብ ተጠወርቲ ክስዕብ ንዝኽእል ሃሲያ ዘጉድል፣ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ሓደጋታት ንምጉዳል ዝድርኽ ናብ ህዝቢ ዝቐንዐ ገስጋሳዊ ንጥፈታት ክሕይል፣ ዘይተዳህሰሱ ጽላታት ተለልዮም ወፍሪ ክካየደሎም፣ ኣድማዕነት ቡቲ ትካል ዝካየዱ ፕሮጀክትታት ድማ ብየገቡእ ክግምገሙ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣኼበኛታት ኣብ መውዳእታ ሽድሽተ ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ውሳኔታት ብምጽዳቕ፡ 83 ሚልዮን ናቕፋ ምቅሊት፡ ንሓደ ብርኪ ብሕሳብ ኣስታት 8 ናቕፋ ንወነንቲ ብርኪ ክኽፈል ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

## ተጋዳሊት ኣልማዝ ኣብርሃ፡ ተሰዊኣ



ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ሓላፊት ጨንፈር ምክትታል ባይቶታትን ከተማታትን ዝነበረት - ገዲም ተጋዳሊት ኣልማዝ ኣብርሃ ገድሎም፡ ብ4 ሰነ ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድመኣ ብሕማም ተሰዊኣ።

ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈት፣ ኣብ 1977 ድማ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረት ተጋዳሊት ኣልማዝ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ከም ሓኪም ጋንታ፡ መራሒት መስርዕ፡ መምህርን ፐርሰነልን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ከም ህዝባዊ ርክባት ኣብ ምምሕዳራት ከተማ ዓዲ-ቐይሕን ዞባ ማእከልን፣ ኣካያዲት ስራሕ ከባቢ፣ ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ገዛ-ባንዳ፡ ከምኡ'ውን ከም ሓላፊት ጨንፈር ምክትታል ባይቶታትን ከተማታትን ኮይና፡ ንሃገራን ህዝባን ብተወፋይነት ዘገልገለት ሓርበኛ እያ።

ገዲም ተጋዳሊት ኣልማዝ ኣብርሃ፡ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ 5 ደቅን እያ።

ስነ-ስርዓት ቀብራ ድማ፡ ትማሊ 6 ሰነ ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብመሰዋእቲ ኣባሉ - ገዲም ተጋዳሊት ኣልማዝ ኣብርሃ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤታ፡ መቓልስታን መሳርሕታን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# መልእኽቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ

## ብኣጋጣሚ 7 ሰነ - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ

### “ካብ ብድሆ ናብ ፍታሕ፡ ውሑስ መግቢ ኣብ ኵሉ!”

ናይ ሎሚ ዓመት ዓለምለኻዊ ድሕነት መግቢ፡ ኣብ ትሕቲ “ካብ ብድሆ ናብ ፍታሕ፡ ውሑስ መግቢ ኣብ ኵሉ” ዝብል ቴማ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ትሕቲ “ውሕስነት መግቢ፡ ናይ ኩሉ ሓላፍነት’ዩ” ዝብል ጭርሖ ትዝከር ኣሎ። 7 ሰነ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ ብደረጃ ዓለም ን8ይ ግዜ፡ ኣብ ኤርትራ ድማ ን4ይ ግዜ ትዝከር ኣላ። ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ - “ካብ ብድሆ ናብ ፍታሕ፡ ውሑስ መግቢ ኣብ ኵሉ”፡ ብድሆታት መግቢ ወለድ ሕማማት ፍታሕ ዝረኽቡ፡ ማሕበረ ሰብ፡ ድሕነቱ ዝሓለወ መግቢ ምስ ዘህልኽ ጥራይ ምዃኑ የስምረሉ።

መግቢ-ወለድ ሕማማት፡ ደቀቕቲ ታህዋስያንን ብከላ ኬሚካላትን ዝጠንቆም፡ ከም ብሩሴላ፡ ወጽኣት፡ ነድሪ ከስዐን መዓናጡን ዝኣመሰሉ ሕማማት ዘስዕቡ ኲይኖም፡ ኣብ ኤርትራ’ውን ዝወቱራት’ዮም። ብከላ መግቢ ብኬሚካላት ብፍላይ ድማ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒታት ብቖሊ ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ኤርትራ ቁላሕታ ክወሃቦ ምጀንሐ ዝፍለጥ’ዩ። መግቢ-ወለድ ሕማማት፡ ሰፊሕ ማሕበራውን ቁጠባውን ሳዕቤናት ዘሎምም’የም። ብመሰረት ዓለምለኻዊ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ብደረጃ ዓለም፡ ብፍላይ ድማ ኣብተን ኣብ ትሕቲ ቁጠባዊ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት፡ ዓመታዊ ኣስታት 600 ሚልዮን ዝኸውኑ ሰባት፡ ብመግቢ-ወለድ ሕማማት ይጥቅዑ፣ ኣስታት 415 ሽሕ ዝኣኽሉ ሰባት ድማ ይሞቱ። እዞም ሕማማት፡ ኣብቶም ግቡእ ንጽህናን ጽሬትን ዘየዝውትሩ ከምኡ’ውን ውሑስ መግቢ ክረኽቡ ዘይክእሉ ተኣፈፍቲ ክፋላት ሕብረተ ሰብ ልዑል ጉድኣት የውርዱ።

ሳዕቤናት መግቢ-ወለድ ሕማማት፡ ኣብ ኤርትራ’ውን ቀሊል ኣይኮነን። ብመሰረት ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት ማለት፦ ካብ 2017-2026፡ ምስ ሕማማት ብሩሴላ፡ ኮለራ፡ ነፍራ፡ ወጽኣት፣ ወዘተ 239,713 ጥዕናዊ ጉዳያት ነይሮም። ኣብ 2025 ጥራይ 30,600 ጉዳያት ከም ዝነበሩ፡ ካብዚኣም ድማ 10 ከም ዝሞቱ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብሩ። እዞም እተጠቕሱ ተርእዮታት ምስ ብከላ ከሚካላት ዝተኣሳሰር ጉዳያት ኣየጠቓልሉን እዮም።

ኣብ ሰንሰለት “ካብ ግራት ናብ መኣዲ”፡ ንጽህናን ጽሬትን ድሕነቱ ዝተሓለወ መግቢ ብምፍራይ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ተርእዮ መግቢ ወለድ ሕማማት ኣብ ምክልኻል ወሳኒ ተራ ኣሎምም። ሰንሰለት “ካብ ግራት ናብ መኣዲ”፡ ሓረስቶት፡ ኣገማዐዝቲ፡ ከዘንቲ፡ ኣመስራሕቲ፡ ኣከፋፈልቲ ከምኡ’ውን ኣህለኽቲ፡ ዝዋስኡሉ ነዊሕ ምትእስሳር ዘሎዎ ንጥፈት’ዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መላግቦ ናይዚ ሰንሰለት፡ ብከላ መግቢ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋታት ስለ ዘሎ፡ ዝውታረ ቅቡል ተግባራት ሕርሻ (Good Agricultural Practices) ከምኡ’ውን ቅቡል ተግባራት ሰንዓ (Good Manufacturing Practices)፡ ድሕነት መግቢ ኣብ ምውሓስ ልዑል ተራ ኣሎምም። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ነፍስወከፍ ኣብዚ ሰንሰለት ዝዋሳእ ኣካል፡ መግቢ ንምውሓስ ሓላፍነት ኣለዎ። ስለዚ’ዩ ድማ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጭርሖ“ውሕስነት መግቢ፡ ናይ ኩሉ ሓላፍነት’ዩ” ብዝብል ቀሪቡ ዘሎ።

ምዕባይ ኣፍልጦ ሓረስቶት፡ኣመስራሕቲ፡ ትካላትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ኣብ ድሕነት መግቢ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ተሞክሮ ኤርትራ ምስክር እዩ። እዚ ክንብል ከለና፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን ብምጥቃም ዝቕየድ ቀጻሊ ቁጽጽራዊ ስራሓት ክይረሳዕካ ማለት’ዩ። ኣብ ኤርትራ፡ እተፈላለያ ሚኒስትሪታት ከም፦ ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ ንግድን ኢንዱስትሪን (ትካል ደረጃታት ኤርትራ) ከምኡውን መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣብ ቁጽጽር መግቢ ይሳተፋ። እዘን እተጠቕሳ ሚኒስትሪታትን ትካላተን ብመሰረት እተዋህበን ስልጣን፡ ኣብ ዘዘምልከተን ዓውደ-ስራሕ ናይ መግቢ ቁጽጽራዊ ስራሓት የካይዳ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ከም ወኪል ኮደክስ ኣሊመንታሪስ (Codex Alimentarius)፡ ንኣገልግሎታት ቁጽጽር መግቢ ዝምልከት ሃገራዊ ጻዕርታት የወሃህድ። ሃገራዊ ጻዕርታት ብኣድማዕነት ንምውህሃድ ድማ ሓደ ሃገራዊ ኮደክስ ናይ ምውህሃድ ሽማግለ ከም ዝምስረት ተገይሩ ኣሎ።

ሃገራዊ ኮደክስ ናይ ምውህሃድ ሽማግለ ቈይሙ’ኳ እንተኾነ፡ እዚ ወህደት ዝያዳ ኣድማዒ ንምግባሩ፡ ብሓደ ሓያል ስርዓት ሕጊ ክድገፍ ይግባእ። እዚ ማለት፡ ተራን ሓላፍነትን ናይተን ኣብ ቁጽጽር መግቢ ዝተዋፈራ ሚኒስትሪታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝያዳ ወህደት ንምፍጣር ዘኽእል ህላወ ሃገራዊ ፖሊሲ ወይ ሃገራዊ ኣዋጅ መግቢ ኣገዳሲ እዩ። ዝ. ሃገራዊ ንምምላእ ድማ ድሮ ተበግሶታት ከውሰዱ ጀሚሮም ኣለው። ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት መንግስቲ ዝተሳተፋሉ ንምጋም ሃገራዊ ስርዓት ቁጽጽር መግቢ ምክያዱ ይዝከር። ሓደ ካብ ውጽኢታት ናይዚ ገምጋም ድማ፡ በብደረጃኡ ዝትግበር መጀመርታ ሃገራዊ ፖሊሲ ቁጽጽር መግቢ ክተኣታቶ፡ ብድሕሪዚ ድማ ምንዳፍ ሃገራዊ ኣዋጅ መግቢ ክስዕብ ዝብል ለበዋታት ቀሪቡ። ዝ. ለበዋታት’ዚ መሰረት ብምግባር፡ ካብ ካልኣይ ፍርቂ 2026 ጀሚሩ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ቁጽጽር መግቢ ንምድላው፡ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት መንግስትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ዝሳተፍዎ ሰፊሕ ናይ ምይይጥ መድረኽ ክህሉ’ዩ። ምምዕባል ሃገራዊ ፖሊሲ ቁጽጽር መግቢ ኤርትራ፡ ኩሉ ሰንሰለታት መግቢ ዝሓቍፍ፡ ሓያል ስርዓት ቁጽጽር መግቢ ከመስርት ዘኽእል መትከላት፡ ስትራተጅን ኣልያን ኣብ ግምት ከእቱ ምዃኑ ይፍለጥ። ብዘውሳኺ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ቁጽጽር መግቢ ኤርትራ፡ መግቢ-ወለድ ሕማማት ንምክልኻል፡ ኣብ ውሽጢ ሰፊሕ ወሁድ ስትራተጂ ህዝባዊ ጥዕና ከም ዝጥመር ክገብር’ዩ። ስለዚ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ቁጽጽር መግቢ፡ መሰረት ሃገራዊ ስርዓት ቁጽጽር መግቢ ብምንጻፍ፡ ውሑሰን ብቑዓት ዝተረጋገጸን መግቢ ኣብ ዕዳጋ ከም ዝህሉ ንምግባር ልዑል ተራ ክህልዎ እዩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ
7 ሰነ 2026

# ባህርያዊት ዲጋ ቁርቁራ፡ ኣብ ምውሓስ ዝስተ ማይ ኣስተዋጽኦ ትገብር



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ፎውሊና እትርከብ ባህርያዊት ዲጋ ቁርቁራ፡ ኣብ ምውሓስ ዝስተ ማይ ጥራትን ምቅላል ማሕበረ-ቁጠባዊ መነባብሮ ህዝቢን ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ፡ ነበርትን ኣካያዲ ስራሕን ሓቢሮም።

እዛ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ዕድመ ዘለዋ ባህርያዊት ዲጋ፡ ትሕዝቶኣ ክሳብ ወርሒ መጋቢት ስለዘጸንሕ ጥራት ንዝስተ ማይ ኢለን ከምዝይግዕዛ ብምጥቃስ፡ ኣብ እትዀጽረሉ እዋን ዕፉን ብምዝራእ ተረፍ ምህርቲ ንእንስሳ ከምዝቐልብዎ፡ እዮም ወሲቡ ርእዮቶ ገሊጾም።

ኣካያዲ ስራሕ’ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሙሴ ሃብተማርያም ብወገኑ፡ ዲጋ ቁርቁራ ኣብ መንጎ ክልተ ጎቦታት ስለእትርከብ፡ ከምኡ’ውን ዓበይትን ንኣሽቱን ሩባታት ናብኣ ስለዝፈስሱ፡ ቀረብ ዝስተ ማይ ጥራት ኣውሒሳ ከምዝላ፣ ከምኡ’ውን ዓሳታት ስለዝፋረያ፡ ምንጪ መኣዛዊ ስጋ ዓሳን ካልእ ቀጠባዊ ረብሓታትን ከምዝኸሰተት ብምግላጽ፡ ደቡት ከይትመልእ ግቡእ ዕቃብ ክግበረላ ተማሕጺኑ።

ባህርያዊ ዲጋ ቁርቁራ፡ ካብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ንሸነኽ ደቡብ፣ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ፎውሊና ድማ ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ ኣስታት 45 ኪሎ-ሜትር ርሒቃ ትርከብ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም  ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ  ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ንምስፋሕ ትሰርሕ ኣላ

ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ንምስፋሕ ትሰርሕ ከምዘላ፡ መምህራንን ተመሃሮን ዓውዲ ስነ-ኣትክልቲ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብዝተኻየደ ፈተነታትን ምርምራትን፡ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ተጠቂምካ - ብትሑት ወጻኢታት ዝተማልአ መግቢ እንስሳ ብምድላው ርቡሕ ምህርቲ ክርከብ ከምዝከኣል ብዮብራዊ ዕዮ ከምዝረጋገጹ ኣረዲኦም።



ዝተጠቐሙሉ ጥረ ነገራት ማይን ዘርእን ጥራይ ምዃኑ ዝገለጹ ተመሃሮ፡ ንኣገባብ ኣዘራርኣን ኣጠቓቕማን ከምኡ’ውን ንእንስሳታት ዘለዎ ጥቕሚ ብሰፊሑ ብምብራህ፡ ሓረስቶት ተረባሕቲ ናይ’ቲ ብበእዋኑ ዝግበር ፈተነታትን ምርምራትን ንክኾኑ ከምዝሰርሑ ሓቢሮም።

መምህር ዓውዲ ስነ-ኣትክልቲ መምህር ቴድሮስ መኮነን ብወገኑ፡ ፈለማ ኑቲ ዝተዳለወ ዘርኢ ዕፉንን ብልቱግን ብዓቡእ ብምሕጻብ ንሽዱሽተ ሰዓታት ኣብ ማይ ድሕሪ ምእላኹ፡ ን48 ሰዓታት ኣብ መሸማዕ ተዓብዩቡ ሰራወር ምስ ኣውጽአ መዓልታዊ ማይ እናስተየ ክሳብ 8 መዓልታት ከንክን ከምዘዝገበረሉ ብምግላጽ፡ ኣብ 4 መዓልታት ደርሁ፣ ኣብ 6 መዓልታት ማንቲለን ሓሰማ፣ ኣብ 8 መዓልታት ድማ ኩብትን ጠሉብቢዕን ከምዝብእ ከምዝኽእላ ገሊጹ።

እዚ ኣገባብ ሕርሻ፡ ንእሹቶ ቦታ ዝሕዝን ብውሑድ ወጻኢታት ዝካየድ ስለዝኾነ ኣብ ከተማን ገጠርን ብቐሊሉ ክካየድ ከምዝኽእል፡ ከምኡ’ውን ንወጻኢታት ሓረስቶት ብልዕሊ 50 ሚእታዊት ስለዘጉድሎ ኣርባሒ ከምዝኾነ’ውን ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ መምህር መልኣከ ብርሃ ብወገኑ፡ ብበዓመቱ ዝካየድ ዘሎ ሓደስቲ ምርምራትን ፈተነታትን ውሕስነት መግቢ ጥራት ብምርግጋጽ ምህርቲ ሓረስቶት ብዓይነትን ብዝሕን ንምልዋጥ ሓጋዚ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንተመሃሮን መምህራንን መጕሱ።

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ካብ ባህርያት ኣብሰም ዘፍቅሩ ሰባት



ንዝኾነ ርእሰኻ ምፍቃር፡ ምስቲ ኣብኡ ፍትወት ዝብል ልሙድ ኣዘራርባ ዘራኽብ የብሉን። ኣብሸኻ ምፍቃር ብኣሉታ ዘይተሳ ብጹወታ ዝገለጽ ኣምር ምኳኑ እዩም ተመራመርቲ ስነኣእምሮ ዝገልጹ። ኣብሶም ዘፍቅሩ ሰባት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ባህርያት የዘውትሩ።

1. ኣብሶም ምስ ካልኣት ሰባት ኣየወዳድሩን እዮም። ምውድዳር ኣብ ገለ ሸነኹ ጸቡቕ እኳ እንተኾነ ምስ ዝዕዘሕ ግና ሓደገኛ እዩ። ስለዚ ኣብሶም ዘፍቅሩ ሰባት፡ ውድድሮም ምስ ኣብሶም እዩ። ወትሩ ኣብሶም እናኣመሓየሹን እናኣማዕበሉን ይኸዱ። 2. ብዝሰበ ርእይቶ ሰባት ዘይጭነቑ እዮም። ንኹሉ ሰብ ከተሐጉስ ከምዘይከኣል ስለዝርድኡ፡ ነቲ ቅኑዕ ኢሎም ዝሓስብዎ ጥራይ እዮም ዘተግብሩ።

3. ኣብሶም ጌጋታት ክትፍጽም የፍቅዱሉ። ኩሉ ግዜ ጌጋታት መናብርቲ ሰብ ምኳኑ ተረዲኦም ካብኡ ክኣረሙ ይፍትኑ እምበር 'ከይጋገ' ብዝብል ኣተሓሳስባ ንኣብሶም ጨቀናም ኣይሕዝዎን።

4. ናቶም ክብሪ ኣብ ደጋዊ መልክዕ ዝምርኮስ ከምዘይኮነ ይፈልጡ እዮም። ብዘለዎም ውሽጣዊ ጸባቕ ድማ ይተኣማመኑ። ንኣብሶም ካብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ይሕልውዎ።

5. ውሳኔታት ኣብ ዝወስኑሉ ግዜ ኣብ ኣብሶም ምትእምማን ኣለዎም።

6. ንኣብሶም ለዋሃት እዮም። ከምቲ ንኻልኦት ሰባት ዝዙርዎ ጸቡቕ ነገራት፡ ንኣብሶም'ውን ጸቡቕ ነገር ኣይፍጥሩላን።

## እተን ሓሙሽተ በለስ

ኣብ ሓደ ገረብ ሓሙሽተ በለስ ነበራ። ኣናተን ጸግቃን ሕብርን ድማ ነበራ። ኣጓይቲ ከም ዝመርጽ ጠፊኦቲ ኣብ ወጥሪ ኣተኾ። ክመርጽ ደለኹ፡ እንተኾነ ኩለን ብሉጻት ኢለ ስለ ዝሓሰበኩወን ንገለ እንተመረጽ፡ እተን ካልኣት ከይክስረን ፈሪሕኩ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ክውሰን ኣይከኣልኩን። ንዊሕ ግዜ ተዓዚበኩወን። ኣብ መወዳእታ ግና እተን በለስ ክየጥራን ተበላሽየን ሕብረን ክቕይራን ጀመራ። ቡቡሓንቲ ድማ ካብቲ ዝበራአ ንጹዕታ እናረገፋ ኣብ ትሕቲ እግረይ ክወድቃ ጀመራ።



እዞ ዛንታ ትምህርና ነገር እንተዛልዩ እቲ ክንወስኖ ዘለና ኣብ ሰዓቱን ግዜኡን ክንወስኖ ከምዘለና እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ብሰንኪ ቀልጢፍና ኣብ ውሳኔ ዘይምብጻሕና፡ ብዙሓት ዕድላት ክንከስር ንኽእል ኢና። ስለዚ ካብ ክልተ እወታውያን ዝኾኑ ነገራት ኣብ እንመርጸሉ ግዜ፡ ኣብቲ ግቡእ ሰዓት ዝጥዕመናን ዝምችኣናን ክንመርጽ ይግባእ።

## ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

- ኣብ ኣውስትራልያ - ደሴታት ቲዊ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ሓደ ፍሉይ ተርእዮ ኣሎ። እዚ፡ ብሰብ ሞያ ሜትሮሎጂ ኣውስትራልያ፡ "ሄክተር ኮንቨክተር" ተባሂሉ ዝሰመ በርቂ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ ዘጋጥም እዩ። ብፍላይ ካብ ወርሒ መጋቢት ክሳብ ማስከረም ብተደጋጋሚ ይኸሰት። ነዚ ክስተት "ሄክተር" ዝብል ስም ዝሃብዎ ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝነበሩ ኣብረርቲ እዮም። ንሳቶም፡ ኣብተን ደሴታት ኣብ ዝዋልበሉ ግዜ ኣንፈት ንምፍላጥ ይጥቀምሉ ምንባሮም ይጥቀስ።
- ኣብ ሓምለ 1945 መርከብ ሩሲያ ብኣብሰማሪን ጃፓን ተወቒዓ ምስ ጠሓለት፡ ካብ ምጥሓል ዝደሓኑ ሰባት ንኣርባዕተ መዓልታት ኣብ ማይ ጸኒሖም። እንተኾነ ካብኣቶም ዝደሓኑ ኣሰታት 600 ወተሃደራት ብጽምኢ ማይን መጥቃዕቲ ሻርክን ሞይቶም። ተመራመርቲ ነዚ ፍጻመ ኣብ ታሪኽ እቲ ዝዓበየ መጥቃዕቲ ሻርክ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ምኳኑ እዮም ዝገልጹ።
- ናፖልዮን ኣብ 1812 ሩሲያ ንምውራር ኣብ ዝተበገሰሉ ወተሃደራት ዝተሰለሙ 187,600 ኣፍራስ ሒዙ እዩ ከይዱ። እንተኾነ ካብቲ ኩናት 1,600 ኣፍራስ ጥራይ እዮም ብህይወት ተመሊሶም።
- ኣብ ጃፓን ዝነበሩ ቀቢላ ሳሙራይ ናብ ኩናት ቅድሚ ምእታዎም፡ ንምሉእ ገጾምን ኣፍራሶምን ብጸዕዳ ሕብሪ ድሕሪ ምልካዮም፡ ኣብ ማእከል ርእሶም ግና ኣፍሶም ብኡኡ ክትወጽእ ብፀሚል ሕብሪ ኣይለኽዩዋን ነበሩ።
- ኣብ 17 ዘመን ኣራዳን ዝተባህለ ንገስ ኣንስቲ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝመርጸሉ ግዜ ንኹለን እተን ዝመረጸን ደቂ ኣንስትዮ ንብዙሕ ሰዓታት ኣብ ጸሓይ ደው የብለን ነበረ። ድሕሪኡ ነቲ ብረሃጽ ዝጠልቀየ ክዳውንተን በቡሓደ ይጨንዎ እሞ እቲ ጨና እንተፈተዮዎ ኣንስቱ ክኾና ይወስደን እንተ ዘይፈተዮዎ ግና ብሶሎም የፋንወን ነበረ።

## ካብ ኣደነቕቲ ፈስቲቫላት

1. ፈስቲቫል ካይት (ዓለልፈለል) ኣብ ግዝኣት ጉጃራት - ህንዲ ዝጅንበል ኮይኑ ድሕሪ ምዝዛም ክረምቲ ኣብ መጀመርታ ቀውዒ ዝበዓል እዩ። ነፋሲ ወኸፍ ኣብዚ ጽንበል ዝሳተፍ ሰብ ድማ መሬት ክኸፊትን ናብ ላዕሊ ዓለልፈለል(ካይት) ክሰድድን ኣለዎ። እቲ ካይት እቶም ሓረስቶት ባዕሎም ዝሰርሕዎ ኮይኑ፡ ንወረቐት ምስ ገለ ካብ ፍርያቶም ኣተሓሒዞም ንላዕሊ ይድርብዮዎ። ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ዓድታት ድማ ምሕዝነታዊ ውድድር ይካየድ፡ ኣብቲ ውድድር ዝተዓወተ ሰብ ድማ 'ንጉስ ሰማይ' ዝብል ቅጽል ስም ይወሃቦ፡ ነተን ኩለን ኣብ ሰማይ ዘለዋ ካይት ፍሉይ ክእለት ተጠቒሙ ባዕሉ ይቖርጸን።

2. ኣብ ስኮትላንድ ዝጅንበል ፈስቲቫል ኣፕህልያ ድሕሪ ልደት ኣብ ጥሪ ዝጅንበል ኮይኑ፡ ሓዊ ኣንዲድካ ዝጅንበል እዩ። ተሳተፍቲ ናይዚ ፈስቲቫል ተኣኪቦም ናብቲ ናይ መወዳእታ ቦታኦም ድሕሪ ምኻድ ኣብኡ ምስ በጽሑ ብሓደ ኮይኖም ሓዊ ይውልዑ።

4. ፈስቲቫል ኣራንሺ ሓደ ካብቲ 'ጽሉል ፈስቲቫል ጥልያን' ተባሂሉ ዝገለጽ እዩ። እዚ ንሰለስተ መዓልታት ዝቕጽል ጽንበል፡ ኢጣልያውያን ናብ ማእከል ጎደናታት ከተማታቶም ብእግሮም ወይ ኣብ ኣፍራስ ተወጢሖም ብምውጻእ፡ ኣብ ንሓድሕዶም ኣራንሺ ይደርብዩ። እቶም ኣብቲ ጸወታ ዝሳተፉን ወጸኢተኛታትን ግና ቀይሕ ዝሕብሩ ቆብዕ ክገብሩ ኣለዎም። ስለዚ ናብኦም ገጹ ዝድርበ ኣራንሺ ኣይህሉን።

5. ፋስናችት፡ ፈስቲቫል ስዊዘርላንድ እዩ። እዚ ኣብታ ሃገር ካብ ዝርከብ ፈስቲቫላት እቲ ዝዓበየ ካርኒቫል ኮይኑ 'ፈስቲቫል ማስከራ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቶም ማስከራታት ንተመራመርቲ እንስሳታትን ካልእ ጠባያትን ይውክሉ። ኣብ ግዜ ጽንበል ባዕልኻ ማስከራኻ ምውጻእ ወይ ካልእ ሰብ ከውጽኣልካ ግቡእ ኣይኮነን።




## ኣነቓቓሕቲ ጥቕስታት

- "ቀዋሚ ፈታዊ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ፡ ንሱ ድማ እቲ ኣብ ግዜ ጸገምካ ምሳኻ ደው ዝብል ምኳኑ ኣስተውዕል።"
- "ዝሓለፍ መከራን ግዜን የልቦን። ክብረትካን መትከልትካን ብዘኾነ ይኹን ናብ ዋጋ ዕዳጋ ከይተውርድ ተጠንቀቕ።"
- "ዘዩድልዩካ ሰብ ካብ ህይወትካ ንምርሓቕ ኣይትሰከፍ፡ ግና ኣይትቀየም።"
- "ምልእቲ ልብኻ ስለዘሎብካዮም ዘሕምቑኻ ዝማሰሎም ብዙሓት እዮም። ልብኻ ንመን ከም ትህብ ኣስተውዕል።"
- "ኣብ ኣብሸኻ ምእማን ቀዳማይ ምስጢር ዓወት'ዩ።"
- "ንሓንቲ ካልኢት ሕርቃንካ ምስ እትቈጻጸር፡ ካብ ናይ ዓመታት ጣዕሳ ክትድሕን ኢኻ።"
- "ለሚ ንሰብት ክትዕንቅፍ ኢልካ እትዘርዎ ጸጋር፡ ጸባሕ ደንጎላ ኮይኑ ከምዘጸቕጠካ ዘከር።"
- "ፍቕሪ እንተዛልዩካ ካልእ ዘድልየካ ነገር የሎን። ፍቕሪ እንተ ዘይዛልዩካ ግን ካልእ ክንዲቲ ዘበድስ ኣይኮነን።"
- "ንሓደ ነገር እንተ ዘይፈቲኻዮ ቀይሮ። ክትቕይሮ እንተ ዘይክኣልካ ግና ኣተሓሳስባኻ ቀይር፡ ብዙሕ ኣይተማረር።"

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ኣብ 12 ዘመን ሃጼይ ኮንራድ ሳልሳይ ንግዝኣት ዱክ ናይ ጀርመን ኣብ ከበባ ኣእትዩ ንከተማ ወይንስበርግ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ምስ ኣእተዋ ኣብታ ከተማ ንዘጸንሕዎ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ብስሕለት ሴፍ ከም ዝቐትሎም፡ ንደቂ ኣንስትዮ ግና ናጻ ከም ዝገድፈን ኣወጀ። እተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብታ ከተማ ዘለወን ንብረት ሓዚን ክወጻ'ውን ተፈቒደለን። ኣንስቲ ናይታ ከተማ'ውን ብትዕዛዝ፡ ነቲ ንጉስ፡ ኣብ ሕቑፈን ምስ ዝተሰከምኦ ነገር ናጻ ክገድፈን ሓተታኦ። እቲ ንጉስ ከም'ቲ ዝበልኦ ክገብራ ናጻ ገደፈን። ዝሓሰብኦ ክገብራ ዕድል ዝረኸባ ኣንስቲ፡ ነፍሲ ወከፈን ሰብኡተን ኣብ ሕቑፈን ተሰኪመን ወጻ። ወተሃደራት ናይቲ ንጉስ ዘጋጥም ዘሎ ምስ ረኣዩ ደው ከብልወን ንንጉስ ሓተትዎ። እቲ ንጉስ ግና በቲ እተን ደቂ ኣንስትዮ ዝተጠቐማሉ ፍሉይ ብልሓት እናሰሓቐ ንወተሃደራቱ "ንጉስ ኩሉ ግዜ ኣብ ቃሉ ክጸንዕ ኣለዎ" በሎም። እዚ ታሪኽ ኣብ ጀርመን ክሳብ ሎሚ ንእምነት ደቂ ኣንስትዮ ንምግላጽ ከም ኣብነት ይጥቀሙሉ እዮም።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

ሻሙናይ ክፋል

## ሓኪይምን ተሓኪምትን ሰውራ

ተኽስተ መስፍን ኣብ ናቕፋ ግቡእ መጥባሕቲ ምስ ተገበረሉ'ዩ ንዝያዳ ክንክን ናብቲ ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ዝነበረ ማእከላይ ሕክምና ህዝባዊ ሓይልታት ዝኸደ። ናብቲ ሕክምና ክበጽሕ ግን ፈለማ ኣብ ዓንገሬብ (ዓራት ምራን) ተወጢሑ ድሕሪኡ ኣብታ ዓራት ትኽ ኢሉ ምስ ደቀሰ ኣብ ዝባን ገመል ተሰቒሉ። ምስ ካልኦት ንሕክምና ሰበር-ቀጠ ዝኸዱ ዝነበሩ ዝተመሓየሹ ወጉኣት ድማ በቲ ሽው ብሓደስቲ ተዓለምቲ ዝጽረግ ዝነበረ ጽርግያ ሕመድ-ደበላ ናብ ኣግራዕ ኣንቀልቀለ። ኣብ ጎልጎል ኣግራዕ ምስ ወረዱ፡ ኣብቲ ጎልጎል ሓንቲ ሐጻ ዝተሸፍኑ ማርቸደስ ዝዓይነታ መኪና ጸንሓቶም። ኣብኣ ተሰቒሎም ወጋሕታ ናብቲ ዓቢ ሆስፒታል ህዝባዊ ሓይልታት ሰበር-ቀጠ በጽሑ። ኣብቲ እዋን'ቲ ተኽስተ፡ ክልቲኦን ኣእጋሩ ሰሚሉ ነይሩ። ምኽንያቱ እታ ጥይት ንመዓንጥኡ ኣብ ሓሙሽተ በሲዓ የማናይ ዓንዲሕቖኡ ጸልዩ'ያ ወጺኣ። ሰበር-ቀጠ ኣብ መንጎ ክልተ ጎቦታት ዝተደኰነት ኣብ መንጎ ብሌቓትን ደብዕትን እትርከብ ሰንፈጭሮ ዘለዋ ቦታ'ያ።

ሓደ ግዜ ዶክተር ብርሃ ዘዘል



ተኽስተ መስፍን(ማእከላይ) ኣብ ግብጺ።

ሓኪም፡ ኣብ ሕክምና ከሳታት ሕሙማት ንምክትታል ዑደት ክገብር ከሎ ንተኽስተ ኣብ ዓራት ተጋዲሙ ረአዩ። ሽዑ ንኣእጋሩ ድሕሪ ምድህሳሱ "ምሸት ክልተ ምርኩስ ገይርካ ደገ ውጻእ፡ ጸባሕ ኣብ ዓራት ክርእየካ ኣይደልን'የ" ምስ በሎ፡ ተኽስተ ድማ ምርኩስ ሒዙ ፈጥ-ፈጥ እናበለ ክትንስእ ፈተነ። ኑበሱ ደኺሙ ስለ ዝነበረ ግን ሰንከልከል ኢሉ ናብ መሬት ሪዕ ኢሉ ወደቐ። ወዲቐ ኢሉ ግን ተስፋ ኣይቆረጸን። መሊሱ ክትንስእ ፋሕተርተር በለ፡ ብሰብ ተደጊፉ ድማ ቁሩብ ምስ ሰጎመ ከም እንደገና ኣብ ከባቢ እቲ ሩባ ጻሕ ኢሉ ወደቐ። ድሕሪዚ፡ ፍሑኽ-ፍሑኽ እናበለ ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

ብድሕሪዚ፡ ተስፋ ስለ ዝረኸበ ኣብ ፈቶም ዝነበረ ኣግራብ ዝበሮ ቦታ እናተጸገዐ ብኣግራብ እናሓዘ በብቑሩብ ንሳዕሲ ክድይብ ጀመረ። ካብቲ በርኽ ቦታ ክወርድ ከሎ ድማ ከም ኣእጋሩ ዘይተረረ ህጻን ብፍሑኽ-ፍሑኽ ይወርድ ነበረ። ኣብቲ መጀመርታ መዓልቲ ካብቲ ጎቦ ንታሕቲ ክወርድ ከሎ፡ ኣፍ-ልቡ ተዓቢሱ ምስትንፋስ ስኢኑ።

ብምሕር ማዕበስቲ ምዝራብን ምንቅስቓስን ስለ ዝሰኣነ እንታይ ከም ዝኹርር ሓርቢዩ። ድሕሪ ገለ እዋን ግን ኣብ ከብዱ ገለ ነገር ቶግ በሎ፡ ክስተንፍስ ድማ ጀመረ። እዚ ድማ ምናልባት ዝተሰፍየ መዓንጥኡ ተቛጺሩ ነይሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝብል ግምት ሓደሮ። በዚ ጻዕሪዚ ድማ የማናይቲ እግሩ ናብ ንብር ተመሊሳ ጸጋመይቲ እግሩ ግን ስሚሳ።

ኣብ ሰበር-ቀጠ ንውጉኣት ተባሂሉ ዝመጽአ ኣስቢዛ ስለ ዝነበረ፡ መግዛእን ምንቅስቓስትን ጸቡቕ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ፍልፍል ሰለሙና ካብ ዝነበረ ጀራዲን ፍሩታ ከም ኣራንሺ ይመጽኦም ነይሩ።

ሕክምና ሰውራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለን ናብ ኩሉ ቦታታት እናተዘርገሐን ናብ ምዕባለ ገጹ ይኸይድ ነበረ። ሽዑ'ውን ብዘይካ እቲ ብደረጃ ውድብ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ኣብ ሰበር-ቀጠ ዝነበረ ማእከላይ ሕክምና ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ ፍልፍልን ዓሊ-ገደን'ውን ዞባዊ ሆስፒታላት ተመስሪተን ነይረን።

ሓደ ግዜ ብዛዕባ ምዕባለ ሕክምና ዝምልከት ዶክተር ሚካኤል ገብረሂወት ኣብ ቴለቪዥን ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መጠይቕ ከምዚ ክብል ገሊጹ ነይሩ፦

ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ሰውራ ወይ ገድሊ ሓደ ካብቲ ንሰውራ ኤርትራ ንቅድሚት ዘሰጎመ፡ ንተጋደልቲ ዝያዳ ሕክምናዊ ክንክንክ ረኺቦም ኮ ሓርነታዊ ቃልሲ ከካይዱ ዝገበረን ኣጉዳሲ ኣገልግሎት እዩ። ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ካብቲ ዝጀመረሉ እዋን ደረጃ ብደረጃ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ እናማዕበለ ዝመጸ'ዩ። እዚ ማስተንክራዊ ታሪኽ'ዚ፡ ኣብዚ እዋን ክህሉ'ኳ እንተ ዘይተኻእለ ገለ ካብቲ ፍርይ ዝበለ ክዘከር ይግባእ።

ታሪኽ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ሰውራ ቅድሚ ሰብዓታት ዝፈለመ ምዃኑ፡ ምስቲ ዝቀየድ ዝነበረ ሓርነታዊ ቃልሲ ድማ ምዕባለ እናርአየ ይኸይድ ነበረ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ኣጉዳሲቱት ጥዕና ተረዲኡ፡ ሓንቲ ብኹሉ-ምሉ ዝተማለአ ኣገልግሎት እትህብ ትካል ጥዕና ስለ ዘድለየ፡ እቲ ምዕባለ ኑቲ ኣብ ሳሕል ኣብ ትሕቲ ጽላል ጸቢብ ዝተተኽለ ቴንዳታት፡ ኣብ ውሽጢ መሬት ዝተሃንጸ ኣዳራሻት፡ ኣብኡ ዝጀመረ ዝነበረ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት፡ ምዕቡል መጥባሕትን ኣገልግሎት ኤክስረይን ፋርማሲን ዝርከቦ ኣይናሃን። እቲ ሕክምና ድማ ኑቲ ኣብ ዓውደ ውግእ ዘጋጥም ዝነበረ መውጋእቲ ጥራይ ዘይኮነ ኑቲ ውሽጣዊ ሕማማት ማለት ንህዝብን ተጋደልትን ብዙሕ ጻዕርን ዓወትን ከም ዝተራኣየ ይገልጽ።





ዶክተር ተኽስተ ፍቓዱን ብጾቱን ኣብ ንጡፍ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ከለዉ.

ሓኪይም ሰውራ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ሰውራ ዘበርከቶዎ ዕማም እዚን እትን ኢልካ ክትግምግሞ ኣሸጋሪ'ዩ። ሓኪይም ሰውራ ኩላ'ሽን ተሓንጊጦም ይዋግኡ። ማኣን ኣፍራዛን ሒዞም ገዝውቲ ይሃንጹ። ዛጊን ባዴላን ተሰኪሞም ጀራዲን የልምዑ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ፎርሴፍ ሒዞም ኑቲ ልዕሊ ኩሉ ዝምልከቶም ዕማም ሕክምና የሳልጡ። ሓኪይም ሰውራ ኣብ እዋን ዕረፍትን ድቃስን ኣብ ስራሕ'ዮም ዝዋፈሩ። ብኸምዚ ድማ'የም፡ ኣብ ሰውራ በቲ ዘይሕለል መንፈሶም ብሞያኦም ንስለ ሓርነት ህዝቦምን ሃገሮምን ዝተቓለሱ።

ዶክተር ብርሃና ሃይለ ኣብቲ ኣብ ገድሊ ደቂ ኣንስትዮ ዘሰፈረቶ ብዛዕባ ኣሃዱ መጥባሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዘዘንቱ ትሕዝቶ፡ ኣሃዱ መጥባሕቲ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ'ቲ ኣብ ሰበር-ቀጠ ዝተገበረ ምድላው'ዩ ናብ ናቕፋ ዝደየበ። ኣብ ናቕፋ ድማ እቲ ፈላሚ ዕወት መጥባሕቲ ኣካዬዱን ዝያዳ ተመኩሮን ትምህርትን ድማ ኣዋህለለ። ድሕሪ ምሕራር ናቕፋ ድማ እታ ኣሃዱ መጥባሕቲ ደድሕሪ'ቲ ናብ ዓወት ዝሃሰሰ ዝነበረ ተጋዳላይ እናሰዓበት፡ ናብታ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ሓራ ዝወጸት ኣፍዓበት ቀጸለት።

ኣብ መጥቃዕቲ ኣፍዓበት ድማ ዳስ ወይ ቴንዳ ክተኽሉ ዕድል ኣይነበሮምን። ስለዚ ኣብ እግሪ ገረብ ክልተ ኹላ ኣላጊቦም ብምእሳር ክጠብቡ ተገደዱ። እቲ ውግእ ከምቲ ናይ ናቕፋ ብዙሕ ከይጸንሐ ግዜ ስለ ዘይወሰደ'ምበር ብኸምኡ ክትቅጽል ቀሊል ኣይነበረን። ውግእ ውግእ ምዃኑ ስለዘይተርፎ ግን ካብ ቅድመ ግንባር መንገዲ ፍርቂ ሰዓት ጥራይ ርሒቖም ስለ ዝጠበቡ ብዙሕ ህይወት ኣድሒኑ።



ሰዉእ ተጋዳላይ ምስግና፡ ኣብ መፋርቕ 80ታት ( ኣብ ሜዳ) ኣብ ምምስራት ፋብሪካ መድሃኒት

ዶክተር ብርሃና ኣብ ገድላዊ ተመኩሮኣ ምስ መጥባሕቲ ኣሃዱ፡ ብምረት እትዝክሮ - ኩናት ሰሞሮን መጥባሕቲ ኣሃዱ ኣብ ዒላ-ገመትን እዩ። ኣብ ዒላ-ገመት ብዙሓት ተጋደልቲ ተሰዊኦም። ብዘሓ መውጋእቲ ስለ ዘጋጠመ፡ ቀዳምነት ዝወሃቦ ውጉእ እተለለ፡ "ኢድላይነት" እትብሃል ኣሃዱ ወደብ። እዛ ኣሃዱ እዚኣ ዝመጽኡ ወጉኣት ፈላልያ ማህረምቲ ከብዲ ዘጋጠሞም ቀዳምነት ትህብ፡ ዝተሰውኡ ትቕብር፡ ንግሆ ተንስአ ክሻፉ ተመሳሲል... ነበረት። ሕክምና ዒላ-ገመት ካብ ባጽዕ ብመካይን ይሕገዙ ስለ ዝነበሩ'ምበር፡ ከም ወዘቢ ቀዳማይ ረድኤት ቀረባ ኣይነበረን። ተወጊኦም ዝወዓሉ ኣማኢያኦም ብመካይን ክሳብ ዝመጹ'ውን፡ ጸገማት የጋጥሞም ነይሩ። ብዓበኡ ውግእ ባጽዕ ብብዝሒ መውጋእትን መሰዋእትን ዝተራእየ ውግእ እዩ። ሓላፊ ሕክምና ሰውእ ፍስሃየ ወልደገብርኤል፡ ካብ ሰበር-ቀጠ መጺኡ ኑቶም ብብዝሒ ዝተሰውኡ፡ መቓብርም እናኸረ ተዓዘበ።

"በሉ ኣስከሬናም ናብ ናይ ክብሪ ቦታ ክሳልሶ ከለና ከየጽገዮ፡ ኣዕሚቕኩም ኣይትቕብሩዎም" ድማ በለም ኑቶም ኣባላት ሕክምና።

ይቕጽል...

## ስኽለታትና ቅርስታትና

እዚን ኣብ ስእሊ ንርእየን ዘሎና ተሸከርከርቲ ጸላኢ መዓስ ኮን እየን ካብ ጸላኢ ተመንዚዐን፧

እው፡ ኣብ 1977 -1978 ከተማታት ኤርትራ ሓንቲ ድሕሪ ሓንቲ ሓራ ድሕሪ ምውጻእ፡ ጸላኢ ናብ ወሰናት ከተማታት ማለት ካብ ሓሙሽተ ዘይበዝሓ ተሓጺሩ ምስ ተረፈ። ናጽነት ሎሚዶ ጸባሕ ኣብ ዝተብሃለሉ እዋን፡ ስርዓት ደርግ ምስ ርእሰ ሓያላን ተጸጊዑ ሰውራ ኤርትራ ክጭፍልቕ ተበገሰ። ሽዑ እዋን ሰውራ ኤርትራ ካብቲ በጺሑዎ ዝነበረ ከቦታት፡ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ክገብር ወሰነ። ካብ ከቦታት ድማ ናብ ሳሕልን ባርካን ኣንሳሓበ። ብፍላይ ህዝባዊ ሰራዊት እናገዘለቐ ኣብ ብዓል ዒላበርዕድን እምባትካላን እናመከተ'ዩ ናብ ሰሜናዊ ሳሕልን ናቕፋን ዘዘለቐ። 1979 ድማ እቲ ዝበዝሐ ወራራት ማለት ካብ 3ይ-5ይ ዝተኻየደላ ዓመት ነበረት።

ጸላኢ በቲ በብእዋኑ ዘጠኖ ወራራት ናቕፋ ክሕዝ እናበለ'ዩ ህዝባዊ ግንባር ኑቲ ካብ ዕለት 2-16 ኣብ ግንባር ናቕፋ ዘጠኑ፡ ብ'ተበግሶ' ዝፍለጥ በርቃዊ መጥቃዕቲ ወሰዱ። ንሰራዊት ጸላኢ ድማ ካብ ኣፈፌት ናቕፋ ጸራሪት ክሳብ 40 ኪሎ ሜተር ከባቢ ኣፍዓበት ደፍኡ። ኣብዚ ድሕሪ ምዝላቕ ንፈለማ ዝተኻየደ ታሪኻዊ መጥቃዕቲ ድማ ጸላኢ ሰቡን ንብረቱን ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣትዩ። ካብቲ ሽዑ ዝተሰልበ ንብረት መግለጺ እዚ ዝስዕብ እዩ፥

ዝተሰልበ ንብረት ጸላኢ፦ 17 ታንክታት፡ 7 ድሩዓት መካይን፡ 97 ወተሃደራዊ መካይን፡ 80 በበዓይነቱ መድፍዕ ሃውናትን ጸረ-ነፈርትን፡ 3600 ፈኩሰን ማእከላይን ብረት።

ዝዓነወ ንብረት ድማ፦ 15 ታንክታትን ድሩዓትን ልዕሊ 100 ወተሃደራዊ መካይንን ተሓምሺሹ። እዚን ወተሃደራውያን መካይን ድማ ሽዑ ኣብ ሩባ ሕዳይ ዝተሰልባ'የን።



ኣብ ሩባ ሕዳይ ዝተሰልባ ወተሃደራውያን መካይን

## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ዝጠዙሓ ከተማታት ኤርትራ ሓራ ዝኾናሉ ወርሕን ዓመትን ጥቐሱ፧
2. ኣብ ግንቦት 1977 ሓራ ዝወጸት ከተማ ጥቐሱ፧

ሀ/ሰገነይቲ ለ/ኣፍዓበት ሐ/ ተሰነይ

3. እቲ ዝዓበየ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝተፈጸመ ስርሒት ኮማንዶ ህዝባዊ ግንባር መዓስ ነይሩ፧

ሀ/ 27 ሚያዝያ 1984 ለ/ 25 ግንቦት 1984 ሐ/ 21 ግንቦት 1984

4. ኣብ ሽዕብ ዝተፈጸመ ግፍዒ ጸላኢ ኣብ ወርሒ ግንቦት ነይሩ፣ ዕለትን ወርሕን ጥቐሱ፧

ሀ/ 22 ግንቦት 1988 ለ/ 21 ግንቦት 1988 ሐ/12 ግንቦት 1988

5. እቶም ቀዳሞት ብፎጭፍራ ወያነ ዝተቐተሉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ መዓስ ነይሩ፧ ዕለት ወርሒ ዓመተ ምህረት ጥቐሱ፧

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኺ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position

### 1. Position: Scaffolding Trainer/Supervisor

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Scaffolder Trainer/Supervisor will assess and delegate any scaffolding requirement in BMSC. He is also responsible for preparing the materials to provide access to elevated tasks by means of scaffolding. He will be responsible for training the nationals to become competent scaffolders and be able to provide a safe working platform for any personnel that are required to work at heights.

**Essential Functions**

- Design and update comprehensive scaffolding training programs (e.g., basic, intermediate, advanced, and inspection courses) tailored to adult learners.
- Deliver engaging classroom instruction and hands-on practical training.
- Teach trainees how to interpret technical drawings, structural designs, and manufacture instructions for various types (e.g., tube and clamp, system scaffold, birdcage)
- Train national rigging workforce by developing training programs and facilitating the programs.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Perform pre-engineering studies (scaffolding studies) to undertake activities
- Determine the height and area
- Determine the correct scaffold support structure requirements (design, load, length, etc.)

**Implementation of the Plan**

- Identify the highest priority for each week and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Ensures “scaffolding” operations on the mine are carried out in an efficient and effective way to minimise downtime, possibly effecting production. (60-, 70 -,120- & 350-ton cranes)
- Performs regular legal inspections on all scaffolding equipment on site to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine’s cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Maintains equipment; parts and supply stocks by carrying out regular stock takes and ordering replacements as required.

**Scaffolding:**

- Erect, alter/reposition and dismantle access scaffolding & load bearing scaffolding
- Erect, alter/reposition and dismantle suspended scaffolding

**Writing Reports & Data Control**

- Compile daily progress reports for the department. (Action Tracker)
- Demonstrate autonomy in learning through:
- Interacting with and developing the capacity of team members to maintain and support legislative, regulatory, quality, safety, and health systems.
- Taking the initiative by addressing problems arising from the supervision of scaffolding and moving tasks.
- Develop scaffolding training programs as per company requirement and facilitate/moderate.
- Educate workers on the proper use of fall protection systems, including safety harnesses, guardrails, and netting.
- Train staff to identify and mitigate common scaffolding hazards such as unstable foundations, inadequate bracing, electrical proximity (power lines), and overloading
- Conduct written and practical evaluations to assess trainees’ understanding and physical proficiency.
- Provide constructive feedback and remedial coaching to ensure every worker meets strict safety and quality standards.
- Certify workers who successfully demonstrate the required level of competence
- Ensure all training content aligns with local, national, and international safety regulations (e.g., OSHA, HSE, or local labor laws).
- Maintain accurate, up-to-date training records, attendance logs, and certification documentation.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically medically fit & Candidate must be qualified scaffolder.
- Must be able to work outside exposed to heat, wind, and dusty environments
- Must be able to work at heights and Processing plant experience
- Opencast experience, Scaffolder Training Coordinator/ Facilitator/Moderator

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Trade Certificate<br>• Technical College Diploma<br>• Scaffolder Trade (Expats). | • 10+ years relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Attention to detail Problem solving skill<br>• High level of accuracy<br>• Ability to work towards strict deadlines & Scaffolding experience<br>• Supervisory experience. | • Communication (English) Coordination skills Team and leadership skills<br>• Self-motivation & Prioritizing skills<br>• Specialised organisational skills (evaluating, planning and scheduling work). |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ርእይቶ

## ዓገብ! ውራያት መመረቕታ ይገፍሑ ኣለዉ

ፕሮፌሰር ጉብረብርሃን ዑቕባዝጊ

ኩሉ ከምዝዕዘቦ ዘሎ፡ ዓመት መጸ፡ ተመሃሮ ዝተፈላለያ ኮለጃት ሃገርና፡ ዝተመደበሎም ናይ ትምህርቲ መደባት ብዓወት ዛዚሞም ዲግሪን ዲፕሎማን ረኺቦም ክምረቑ ከለዉ፡ ዳርጋ ምስ መርዓ ዝወዳደር ውራይ ምግባር ይልመድ ኣሎ። እዚ ውራያት'ዚ ዕላማኡ ንጹር ኣይኮነን። ወጻኢታቱ ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ። ዕላማኡ ብዝምልከት፡ ብርክት ዝበሉ መግለጺታት ክወሃበሉ ይኽእል ይኸውን። ነቶም ዝምረቑ ዘለዉ ንምሕጓስ፣ ግቡእ እዩ፣ ባህሊ እዩ፣ ተለሚዱ ወዘተ. ዝብል ምኽንያታት ክቐርብ ይኽእል። ዘእምን ግን ኣይኮነን።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ሃገርና ኣማጻጽኣ፡ ወይ ድማ ኣማዓባብላ፡ ናይዚ ተርእዮዚ ከመይ ከም ዝኾነን፡ መዓስ ከም እተጀመረን ክግለጽ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ካልኦት ሃገራት እንታይ ከም ዝግበር ክቐርብ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ብኸመይ ክተሓዝ ከም ዝግብእ ዝሕብሩ ሓሳባት ክዋሃቡ እዮም። ቅድሚኡ ግን ነዚ ጉዳይ'ዚ ብግቡእ ንምርዳእ ክሕግዙ ዝኽእሉ፡ ኣብ ሃገርና ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ክነፍዑ፡ ናይ ምትብባዕ ተበግሶታት ብኸመይ ይእለዩ ከም ዝነበሩን ከም ዘለዉን ክቐርብ እዩ።

ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ክተባብዑ፡ ጥቕሚ ትምህርቲ ተረዲኦም ግዱሳትን ህርኩታትን ንክኾኑ ብርክት ዝበሉ ሜላታት መተባብዒን መነቓቕሕን ይዝውተሩ እዮም። ንኣብነት ኣብ ግዜ ፈደረሽን፡ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃታት ትምህርቲ፡ ነቶም ካብ ክፍሎም ብነጥቢ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተርታ ዝወጹ ተመሃሮ፡ ብልጫታት ይዋሃብ ነይሩ። እዚ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ውድድር ክነግስ፡ ብፍላይ ኣባሃህላ ድማ፡ ቅዱስ ቅንኢ ክሕድሩ ተባሂሉ ዝግበር ዝነበረ ሜላ እዩ። ኣብ ከባቢ 1960 ኣቢሉ ይኸውን ድማ ኣቋሪጹ ነይሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ ቁሩብ መልክዑ ቀይሩ ይዋሃብ ኣሎ። ቀደም መብዛሕትኡ ግዜ ከም ብልጫ መጻሕፍቲ ይዋሃብ ነይሩ። ሕጂ ግን ናይ ብልጫ ወረቐት ምስክር እዩ ዝዋሃብ። እዚ ክልቲኡ ኣገባባት ዕላማኡ ንተመሃሮ ምትብባዕ እዩ። እዚ ብትካላት ትምህርቲ ዝግበር ተበግሶታት እዩ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ መርመራ (ማትሪክ) ልዑል ነጥቢ ንዘምጽኡ ተመሃሮ፡ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንነፍሲ ወከፍ ተዓዋቲ/ት ናይ ኮምፕዩተር ብልጫ ንብርክት ዝበለ ዓመታት ይህብ ነይሩ። ናይዚ ዕላማ እውን ንጹር እዩ። ተመሃሮ ንምትብባዕ እዩ።

ብወገን ሕብረተሰብ ከምኡ'ውን ምምሕዳራትን ህዝባዊ ማሕበራትን እውን ተመሃሮ ንምትብባዕ ብልጫታት ይዋሃብ እዩ። ንኣብነት ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ መርመራ ልዑል ነጥቢታት ዘምጽኡ ተመሃሮ፡ ካብ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ሃገራውያን ማሕበራትን ዝዋሃብ ብልጫታት ኣሎ። ብወገን ወለድን ኣዝማድን እውን፡ ተመሃሮ ንምትብባዕ ዝተፋላለዩ ዓይነት ብልጫታት ወይ ድማ ህያባት ይዋሃብ እዩ። ኣብዚ ደገፍ ወለዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ናይዚ ጽሑፍዚ ኣርእስቲ ናብ ብልጫ ስለ ዘዘንብል ግን ኣብዚ እቲ ብወለዲ ክግበር ዝግብኦ መሰረታዊ ሓገዛት፡ ብዝርዝር ኣይቀርብን እዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ኮለጃት ሃገርና፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ውድድር መንፈስ ክህሉ ዝግበሩ ሜላታት ኣለዉ። ብዙሕ ግዜ፡ ሓለፍቲ ኮለጃት(ዲናት) ኣብ ትምህርቶም ጽቡቕ ገስጋስ ንዘርእዩ ተመሃሮ ናይ ምትብባዕ ደብዳበታት ይጽሕፉሎም እዮም። ንኣብነት ኣብዚ ናይ 2025-2026 ዓመት ትምህርቲ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰመስተር ልዑል ነጥቢ ዘምጽኡ ናይ ኮለጅ ስነ ፍልጠት ማይነፍሒ ተመሃሮ፡ እቲ ኮለጅ ናይ መተባብዒ ደብዳበታት ከም ዝጸሓፈሎም፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ ብመራኸቢ ብዙሓን ኤርትራ ተቓሊሑ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ተመሃሮ ዝተመደበሎም ደረጃ ትምህርቶም ዛዚሞም ክምረቑ እንከለዉ፡ ኩሉ እቲ ዝተማህሩዎ ትምህርትን ብኸመይ ከም ዝሓለፍዎን ዝሓዝ፡ ንብዙሕ ዓይነት ሕቶታት ክምልሽ ዝኽእል ሚዛኑ ዝሓለወ ጸብጻብ ዝሓዘ ዶኩመንት ይዋሃቦም እዩ። ነቶም ልዑል ነጥብታት ዘምጽኡ ተመሃሮ ድማ በብደረጃኡ፡ ኣህጉራዊ መለክዒ ዝተኸተለ ናይ ብሉጽነት ገምጋም ይዋሃቦም እዩ። ኣብ ሃገርና ዝዝውተር ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥ ካብ 3.25 ክሳብ 3.49 (ካብ 4.00) 'ብሉጽ' (Distinction)፣ ካብ 3.50 ክሳብ 3.74 'ልዑል ብሉጽ' (Great Distinction)፣ ካብ 3.75 ክሳብ 4.00 ድማ 'ኣዝዩ ልዑል ብሉጽ' (Very Great Distinction) እዮም።

እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ብዝተፈላለዩ ወገናት፡ ተመሃሮ ንምትብባዕ ዝዝውተሩ ሜላታት፡ ተደለይቲን ዓቕሚ ብዘፈቅዶ መሰረት ክዝውተሩ ዝግቦኦምን ሜላታት እዮም። ነቶም መተባብዒ ዘይረኸቡ ተመሃሮ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ትሑት ነጥቢ ዘምጽኡ፡ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩዎም ትምህርትን ስራሕን ክፈትዉን፡ ትህኪት ከወግዱን ከም ዝሕግዞም ይእመነሉ እዩ። ብተወሳኺ፡ ንኹሎም ተመሃሮ ጥዑያት ኣባላት ሕብረተሰብን ሃገርን ክኾኑ እውን፡ ብኹሎም ዝምልከቶም ምኽርን ምክንኻንን ክግበረሎም ይግባእ።

ቀጺልና ብዛዕባ እቲ ቀንዲ ኣርእስቲ፡ ማለት ኣብ ሃገርና ናይ ዩኒቨርሲቲ ተመሃሮ፡ ዝተመደበሎም ትምህርቲ ብዓወት ምስ ዛዘሙ ዝግበረሎም ውራይ ብኸመይ ከም ዝማዕበለ ክንርኢ ኢና። ኣብዚ፡ ብግቡእ ዝተመዝገበ መወከሲ ንምርካብ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ዝቐርብ ትረኻ ኣብ ተመኩሮይ ዝተመርኮሰ ምዃኑ ክገልጽ እፈቱ።

ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ድሕሪ ናጽነት ስርሑ ምስ ጀመረ፡ ንገለ ዓመታት፡ ጉሊሑ ዝረአ ውራያት ነይሩ ክበሃል ኣይክእልን። ንኣብነት ሓደ ብቐረባ ዝፈልጦም ቤተሰብ በኹሪ ወዶም ምስ ተመረቐ፡ ስድራኡ ውሑድ ገንዘብ ምስ ኣዕሩኽቱ ኮይኑ ክዘናጋዓሉ ካብ ምሃብ ሓሊፎም ካልእ ዝገበሩዎ ከም ዘይነበረ እምስክር። እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ 1997 እዩ ነይሩ። ኣብ 2005 ግን ናይዞም ስድራ እዚኦም ካልእ ወዶም ክምረቕ እንከሎ፡ ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ወዶም ዝገበሩዎ ክገብሩ ኣይከኣሉን። እቲ ወዶም፡ 'ኣነ ኣብ መመረቕታ ብዙሓት ኣዕሩኽተይ ከይደ ስለ ዝነበርኩ፡ እንተዋሓደ እቶም ኣነ ኣብ መመረቕታኦም ዝኸድኩዎም ከይተጸውዑ ክመጹ እውን ስለዝኽእሉ ገለ ክገብር ኣሎኒ' ኢሉ ስለ ዝነገሮም፡ ውራይ ክገብሩ ተገዲዶም። እቲ ወዶም ንሳቶም ዝፈልጥዎ ገንዘብ ስለ ዝነበርኦ ድማ፡ 'በል እተን ዘለዋኻ ገንዘብ ንመግዝኢ ስጋ ይኹና' ኢሎም ንሱ እውን ኣብቲ ውራይ ከም ዘበርክት ገይሮም፡ ጸቢብ ውራይ ገበሩ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ እውን እንተኾነ፡ ዋላ ውራይ ይግበር እንተነበረ፡ ከም ናይ ሎሚ ኣዝዩ ገፊሕን ዓቢን ኣይነበረን። ኣብዚ ቀረባ ግዜ፡ ኣብ ናይ ጎረቤት ውራይ ዝራኣኹዎ ግን ፍሉይን ዘገርምን ነይሩ። ካብ መርዓ ዝፍለ ኣይመስለን። ጓይላ ኣሎ፡ ኬክ ምቑራስ ኣሎ፡ ካልእ እዚ እዩ ኢልካ ክትገልጾ ዘጸግም ንጥፈታት እውን ተዓዚበ።

ካብዚ ክንርዳእ ንኽእል፡ እዚ ናይ ምመረቕታ ውራያት፡ በብቑሩብ ፍሑኽ እናበለ ከም ዝተኣታተወ እምበር፡ ዝተወሰነ ዕላማ ንምውቃዕ ተባሂሉ ተሓሲቡሉ ዝመጸ ከምዘይኮነ እዩ። ዝኾነ ንጥፈት ግን ዝተሓሰበሉ ንጹር ዕላማ ክህልዎ እዩ ዝግባእ።

ኣብ ካልኦት ሃገራት'ከ ብኸመይ እዩ ዝሓልፍ፧ ኣነ ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርተይ ኣብ ሃገር ፈረንሳ ስለ ዝተማሃርኩ፡ መጀመርታ ናይ ፈረንሳ ልምዲ ክገልጽ። ኣብ ፈረንሳ በቲ ዩኒቨርሲቲ ዝግበር ናይ መመረቕታ በዓል ወይ ስነ-ስርዓት የለን። ተመሃሮ ዝተመደበሎም ትምህርቲ ምስ ዛዘሙ ናይ ምስክር ወረቓቕቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ረጂስትራር ከይዶም እዮም ዝወስዱ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ግን፡ ኣዝየን ውሑዳት ዩኒቨርሲታት ናይ መመረቕታ በዓል ክገብራ ከም ዝጀመራ፡ ነዛ ጽሕፍቲ ከዳሉ ምስ ሓሰብኩ ኣብ ኢንተርነት ኣንቢበ። እዘን ስነ-ስርዓት መመረቕታ ዝገብራ ዩኒቨርሲታት እዚኣተን ምስ ካልኦት ናይ ወጻኢ ዩኒቨርሲታት ጥቡቕ ርክብ ዘለወን ከም ዝኾና ድማ ክርዳእ ክኢለ። ብዛዕባ ናይ መመርቕታ ውራይ ግን፡ ካብ ምስ ተመረቕቲ ኣዕሩኽን ቀረባ ኣዝማድን ናይ 'እንቋዕ ባህ በለና' መዘናግዒ ሓሊፉ ካልእ ዝግበር ኣነ ዝፈልጦ የለን። እንተውሓደ ከምዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ዝግበር ውራይ፡ የለን።

ብኣንጻር'ዚ ናይ ፈረንሳ ኣብ ኣመሪካን ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሃገራትን ብዩኒቨርሲታት ናይ መመረቕታ በዓል ይግበር እዩ። ስድራቤታት ተመረቕቲ እውን፡ ኣብ ገለ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ቅርጥው ዝበለ ውራይ ከም ዝግብሩ ይፍለጥ። ኣብ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኣዝማዶም ንምስታፍ ናብ ወጻኢ ሃገራት ዝኸዱ ብዙሓት ኤርትራውያን እውን ኣለዉ። ኣብ ኣመሪካ፡ መመረቕታ ትምህርቲ፡ ካብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እውን እንተኾነ፡ ከም ዓቢ ፍጻመ እዩ ዝርአ።

ኣብዚ ከነስተባህለሉ ዝግባእ ነገር ኣሎ። ብልጫታት ክልተ ዕላማታት ኣለዎም። እቲ ሓደ ንተመሃሮ ምትብባዕ እዩ። እዚ ክንብል እንከሎና፡ ነቶም ብልጫ ዝወስዱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ካልኦት እውን ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሮም ክነፍዑ ዝደፋፍእ እዩ። እቲ ካልኣይ ዕላማ ድማ ኩነታት ትምህርቲ ናይ ተመሃሮ ኣብ ግዜ ትምህርቶም ከመይ ከም ዝነበረ ብግቡእ ምምዝጋብ እዩ። እዚ ኣብ መጻኢ ግዜ ተመሃሮ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ኮነ፡ ወይ ድማ ስራሕ ክሕዙ ኣብ ዝድለ ግዜ፡ እንታይ ዓይነት ተመሃሮ ከም ዝነበሩ ዝሕብር እዩ። ብልጫን ናይ ትምህርቲ ወረቐት ምስክርን፡ ተመሃሮ ትምህርቶም ብኸመይ ከም ዝዛዘሙ እዮም ዝሕብሩ። ንፋዓት፡ ማእከሎት፡ ወይ ድማ ትሕት ዝበለ ዓቕሚ ዘለዎም ኮይኖም ይኣንዓዙ ከም ዝነበሩ ዝሕብሩ ሰነዳት እዮም። ንጹር ዕላማ ሃልዩዎም፡ ንትምህርቲ ወይ ንስራሕ ኣብ ዝግበር ውድድር ዓቢ ተራ ኣለዎም። ናይ መመረቕታ ውራይከ ዕላማኡ ወይ ድማ ጥቕሙ እንታይ እዩ፧ ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባኡ ዘለኒ ርእይቶን ሓሳባትን ክገልጽ እየ።

ይቕጽል . . .

### መደብ ተለቭዥን

ሰንበት07/06/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 07:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 07:02 | ውድድር ማራቶን ኣስመራ (ቀጥታ) |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ) ዕለት08/06/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ምስ ስነጥበባዉያን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሙዚቃ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማራቶን ኣስመራ፡ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ

ሎሚ ሰንበት ኣብ ጐደናታት ኣስመራ፡ ዓለማዊ መለክዒ ዝሓዘ ውድድር ማራቶን ክኻየድ እዩ።

ኣብዚ ካብ ሰዓት 7፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ዝካየድ ውድድር፡ ካብ ወሽጥን ካብ ሰለስተ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃን ዝመጽኡ ኣትለታት ክሳተፉ እዮም። ኣብዚ ውድድር፡ ካብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብ፡ ጋሽ-ባርካ፡ ከሰብ ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ከምኡ'ውን ብውልቂ ዝወዳደሩን ብርክት ዝበሉ ኣትለታት ክሳተፉ እዮም። ካብ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ደቡብ ሱዳን ዝመጽኡ ሓሓደ ኣትለታት እውን ኣብዚ ዓቢ ውድድር ክሳተፉ ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣትለታት ዝካየድኦ ናይ 21 ኪሎ ሜተር ከምኡ'ውን ናይ ስንኩላን ፓራ-ኣትለት (ዊልቸር) ውድድራት ኣካል ማራቶን ኣስመራ እዩ።

ብዓለማዊ ማሕበር ኣትለቲክስ ብዘዮሮአ ተዓቂቡ ዘሎ ማራቶን ኣስመራ 2026፡ ኣብዚ ሎሚ ዝምዝገብ ግዜ፡ ከም ሓድሽ (መበገሲ) ክብረ-ወሰን ማራቶን ኣስመራ ክተሓዝ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ማራቶን ኣስመራ፡ ህዝቢ ብዝሳተፎ ናይ 'ማስ ጉያ' ደምቂቑ ሎሚ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ ክሰላሰል እዩ። ንኣትለታትና ዓወት ንምነየሎም።

## ውድድር ባድሚንተን ትሕቲ 15 ዓመት ተዛዚሙ

ኣብ ሰለስት ክሊ. ዕድመ ብምኽፋፍል ብፌደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ካብ 16 ግንቦት ኣትሒዙ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝካየዶ ዘሎ ውድድራት ባድሚንተን፡ ትማሊ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ውድድሩ ዛዚሙ።

ተወዳደርቲ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝተካየደአ ጸወታ፡ ድባብ የናስ ንኤልያና እዮብ 2-1በ0 ብምርታዓ ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ንሓናን መሓመድብርሃን 2-በ0 ዝሰዓረት ሰሲና እዮብ ድማ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

ድሕሪኡ ጸወታኦ ዝካየዱ ደቂ-ተባዕትዮ ተጋጠምቲ ከኣ፡ ንዳዊት እስክንድር 2-በ0 ዝሰዓረ ያስር ጀማል ቀዳማይ ዕወት ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ኮይኑ፡ ብሩክ ዳኒኤል ድማ ንዝቢ የናስ 2-በ1 ብምርታዑ፡ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ጸወታኡ ዛዚሙ።

ውድድራት ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ኣብ ሰለስት ክሊ. ዕድመ ማለት፡ ትሕቲ 15ን 19ን ዓመት ከምኡ'ውን ልዕሊ 19 ዓመት ብዝካየድ ግጥማት ንጥፈታቱ ይሰላሰል ኣሎ። ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ግጥማት፡ ተወዳደርቲ ኣብ ርእሲ ብንጽል ዝካየድዎ ጸወታ፡ ብድርብ ከምኡ'ውን ብሕውስዋስ (ብክልተኡ ጾታ ብዝቖሙ) ውድድራቶም የሰላስሉ ኣለው።

## ዜና ብሓጺሩ

• **ሃገራዊት ጋንታ ኣራን ሽዛ ረኺባ**

ሱብ መዚ. ኣመሪካ ኣብ ዝሓብሞ ሓብሬታ፡ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ኣራን ንኣመሪካ ክኣትውን ክጻወቱን ዘኽእሎም ቪዛ ረኺቦም።

ሃገራዊት ጋንታ ኣራን ኣብ ቱርኪ ልምምድ እናካየደት፡ ናብ ኣመሪካ ዘእትዋ ቪዛ ኣብኡ ኣብ ዝርከብ ኣምባሲ ኣመሪካ ክትሓትት ጸኒሓ።

ብመሰረት ሱብ መዚ. ኣመሪካ፡ ተጻወትቲ፡ ኣሰልጠንቲ፡ ገለ ገለ ኣባላታ'ውን ቪዛ ተዋሂብዎም ኣሎ።

• **እንገሁሞ ናብ ጫር መኒክ**

ጫር መኒክ ናይ ቅድሚት መስመራ ንምድልዳል፡ ከም ኣማራጺ ኾይኑ ናይ ሊቨርፑል ናይ ክንፊ ተጻዋታይ እንገሁሞ ክተፈርም ኣማራጺታት ሃሰው ትብል ኣላ። ኣሰልጣኒ ጫር መኒክ ካምፓኒ፡ እዚ ወዲ 17 ዓመት ትሰፋው ተጻዋታይ፡ ኣብ ክራማት ናብ ክለቡ ንምምጻእ ምስ ኣባላት ቦርድ ክለቡ ብምዃን ይደፍኣሉ ኣሎ። ዛጊት መኒክ ምስ ሊቨርፑል ብዛዕባ እዚ ተጻዋታይ ወግዓዊ ዝርርብ ኣይጀመረትን ዘላ። እንገሁሞ፡ ኣብ ሕሉፍ ወቕቲ ስፖርት ናይ ሊቨርፑል እቲ እኹል ዝደመቐ ተጻዋታይ ብምዃኑ፡ ሊቨርፑል ብቐሊሉ ክተሰናብቶ ትጽቢት ኣይግበረላን።

• **ኒውካስል ብ28 ሚልዮን ዩሮ ተዓዊታ**

ኒውካስል፡ ንወዲ 20 ዓመት ሓላዊ ልዳት ዘሃን ንምፍራም፡ ብ28.5 ሚልዮን ዩሮ ምስ ጋንታኡ ሰታደ ደ ሬምስ ኣብ ስምምዕ በጺሓ።

እዚ ፈረንሳዊ ሓላዊ ልዳት፡ ናብ መሰልጠኒ ማእከል ቸልሲ ቀዳሞ በጺሑ ነይሩ'ዩ። ከምኡ'ውን ርያል ማድሪድ ከም ናይ ነዊሕ መተካእታ ኩርትዋ ብምርኣይ፡ ኣብ ትዕዝብቲ ደእትያቶ ጸኒሓ። ናይ ኤዲ ሃው ኒውካስል ከኣ፡ ንክልተኣን ጋንታታት በሊጻ ክተፈርሞ ምስምማዕ፡ ኣብ ክራማት ንእትገብሮ መስርሕ ምስጥጋር ፍናን ሂብዎ ደርኪቡ። ዘሃን፡ ኣብ ክራማት መስርሕ ምስጥጋር ተጻዋትቲ ምስ ተኸፍተ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ኒውካስል ንክጸንሕ ናብ እንግሊዝ ከቕንዕ'ዩ።

## ማእከል - ስልጠና ንኣሰልጠንቲ ቅድድም ብሽክለታ ተዋሂቡ

ጨንፈር ስፖርት ዞባ ማእከል ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ንኣሰልጠንቲ ቅድድም ብሽክለት ስልጠና ወዲቡ።

እዚ ካብ 1 ክሳዕ 5 ሰነ ብኣሰልጣኒ. ሙሴ ኣስሄል ዝተውሃበ ስልጠና፡ ኣገባብ ምስልጣን፡ መስርሕ ዓቕሚ ብሽክለታ፡ ሕጋጋት ልምምድ፡ ስርዓተ ኣመጋግባን ኣሰራርሓ ህንጻት ኣካላት (ጂምናዝዩም) ዘጠቓለለ ነይሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ብደራሲ. መጽሓፍ ስነ-ፍልጠት ቅድድም ብሽክለታ ሱራፌኤል በየነ ኣሰልጣኒ ብንያም ታረቀን ድማ፡ ብዛዕባ ዓቕሚ ትንፋስ፡ ህርመት ልብን ጸዓትን ናይ ሓደ መዓልቲ ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ኣጋጣሚ ዝተረኽበ ሓላፊ ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጴጥሮስ፡ ሰልጠንቲ ተኣኺቦ ተቐዳደምቲ ንምፍራይ ክሰርሑ ድሕሪ ምልባው፡ ንኣሳን ዞባታት ጋላፍሓ፡ በሪኸን ሰረጀቻን ብፍሉይ ቁልሕታ ተዋሂብወን ክሰርሓለንን ዓቕሚ ዘለዎም ዓለምቲ ክምደብለንን ምዃነን ገሊጹ።



ፕረሲደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ኣቶ ተመስገን ረዳኢ ብወገኑ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠና ክህብ ድልው ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ስልጠና ክወሃብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ወከል ሰልጠንቲ ብዓዳኡ፡ ዝ. ትምህርቲ ንዝሃበ ኣሰልጣኒ. ሙሴ ኣስሄል ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኣብ ስርሖም ሓጊዚን ጠቓምን ዝኾነ ትምህርቲ ከም ዝቐሰሙን ኣብ ባይታ ክሰርሕሉ ምዃኖም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ. ጨንፈር ስፖርት ከምዚ. ዓይነት ስልጠና ክህብ ተማሕጺኑ።

ኣብዚ ኣብ ኣስመራ ዝተውሃበ ስልጠና፡ ካብ ጋንታታት ቅድድም ብሽክለታን ኣባላት ጨንፈር ስፖርት ዞባ ማእከልን ዝተዋጽኡ፡ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ትርከቦም 16 ሰልጠንቲ ተሳቲፎም።

## ሰለስተ ተጻወትቲ ኣርሰናል - ሕጹያት ብሉጻት ተጻወትቲ

ማሕበር ፕሮፈሽናል ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ብሉጻት ተጻወትቲ ዓመት ስፖርት 2025-26 ንምምራጽ ሽዱሽተ ተጻወትቲ ረቒሑ ደርኪቡ። ካብዞም ሽዱሽተ ድማ፡ እቶም ሰለስተ ካብ ኣርሰናል ኮይኖም ኣለው - ዴክላን ራይስ፡ ዴቪድ ራያ፡ ጋብሪኤል ማጋልሽ። ማንቸስተር ሲቲ ድማ፡ ኤርሊንግ ሃላንድን ራያን ቸርኪን የእትያ ኣላ።

ኣብዚ ዝርዝር፡ እቲ ብቤት ጽሕፈት ፕሪመር ሊግን ጸሓፍቲ ኩዕሶ እግርን ብሉጽ ተጻዋታይ 2025-26 ብምዃን ክልተ ዋንጨ ናብ ኩበሉ ጸንቢሩ ዘሎ ወዲ 31 ዓመት ብሩኖ ፈርናንደዝ ተኻቲቱ ኣሎ።

እዚ ፖርቱጋላዊ ኣካፋሊ፡ ኣብዚ ዓመት 21 ቀረብ ንሽቶ ብምግባሩ፡ ክብረ ወሰን ፕሪመር




ሊግ ብስሙ ከም ዝጸሓፍ ገይሩ ዘሎ'ዩ።

ኣካፋሊ. ራይስ፡ ተኸላኸሊ. ጋብርኤል፡ ሓላዊ ልዳት ራያ፡ ጋንታኦም ድሕሪ 22 ዓመት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ክተልዕል ወሰንቲ ተጻወትቲ ዝበሩ'ዮም። ኤርሊንግ ሃላንድ፡ 27 ሽቶታት ብምቍጻር ወርቂ ጫማ ክሽልም እንከሎ፡ ራያን ቸርኪ. ድማ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ፡ ዕውት ወቕቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ክሕልፍ በቒዑ።

ዝሓለፈ. ዓመት ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ዝበረ. መሓመድ ሳላሕ፡ 27 ሽቶታት ብምቍጻር፡ ጋንታኡ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ክተልዕል ብምብቃዕ፡ ዚ. ሽልማት ክዓትር ክኢሉ ነይሩ።

ሎሚ. ዓመት ኸ፡ 25 ኑሓሰ 2026፡ ኣብ ከተማ ማንቸስተር ኣብ ዝካየድ ዓመታዊ ጽንበል ማሕበር ፕሮፈሽናል ተጻወትቲ መልሲ. ክርከቦ'ዩ።

## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት

### ጉዕዞ 10 ሽሕ ማይልስ ናብ ዋንጫ ዓለም 2026

ሰለስተ ኣርጀንቲናውያን ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ ብብሽክለታ ልዕሊ. 10 ሽሕ ማይልስ (16093.44 ኪሎ ሜተር) ድሕሪ ምጉዓዝ ከተማ ከንሳስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣትዮም።

እዞም ኣርጀንቲናውያን ንሃገራዊት ጋንታኦም ንምድጋፍ ኣብ ገለ መዓልቲ ክሳብ 160.9 ኪሎ ሜተር እናሸፈኑ፡ 17 ሃገራት ሰንጢቖም ናብታ ዋንጫ ዓለም 2026 እተእንግድ ሃገር በጺሖም።

እዞም ኣርጀንቲናውያን ደገፍቲ፡ 16 ኑሓሰ 2025 ካብ ሃገሮም ኣርጀንቲና ብምብጋስ ድሕሪ ዓሰርተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ጉዕዞ ናብ ኣመሪካ ክበጽሑ ክኢሎም። እዞም ደገፍቲ፡ ሃገራዊት ጋንታኦም ኣርጀንቲና፡ ኣብ 2022 ኣብ ዝተኣንገደ ዋንጫ ዓለም ድሕሪ ምዕዋታ፡ ዚ. ብብሽክለታ ምጉዓዝ ዝበል መደብ ሓንጺጾም። ሓሳቦም ብዮሁበሪ ድማ ተቐቢሩ። ልዕሊ. 10 ሽሕ ማይልስ ብምጉዓዝ፡ ኣብታ ሃገሮም ቀዳማይ ጸወታኣ ተካይደላ



ከተማ ኣትዮም ደርኪቦ። እቲ ዘርጎም ግን፡ እዞም ሰለስተ ኣርጀንቲናውያን ደገፍቲ፡ ናብ ስታድዩም ዘእቱ ትኬት ዛጊት ዘይሓዙ ምዃኖም'ዩ።

እቲ ኣብ 2018 ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም ካብ ማድሪድ ናብ ሞስኮ ከምኡ'ውን ኣብ 2022 ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም ካብ ማድሪድ ናብ ቀጠር ብብሽክለታ ዝተጓዓዘ ሓደ ካብዞም ሰለስተ ደገፍቲ፡ "እምንት ኣሎኒ፡ ንሓንቲ ካብዘን ግጥማት ናብ ስታድዩም ኣቲና ክንርኢያ ኢና፡" ይብል። እዞም ደገፍቲ ልዕሊ. 10 ሽሕ ማይልስ ተጓዒዞም ኣመሪካ ድሕሪ ምእታዎም፡ ኣብ 'ኢንስታግራም' ቁጽሪ ተኸተልቶም 30 ሽሕ በጺሑ ደርኪቡ። ምናልባት በዚ. ኣጥርዩሞ ዘለዉ. ጽልዋ፡ ነቲ ዘይልከፍ ኩይኑ ዘሎ ትኬት ዋንጫ ዓለም ይረኽብዎ ይኾኑ።

ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና 16 ሰነ ምስ ኣልጀርያ፡ 22 ሰነ ምስ ኣውስትርያ፡ 27 ሰነ ምስ የርዳኖስ ጸወታ ተሰሪዕላ ደርኪቡ።

## 'ዳዳ ዳዳ' ወግዓዊት ደርፊ ዋንጫ ዓለም 2026

ድሕሪ'ታ ንልዕሊ. 16 ዓመት ቀልቢ. ኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ ዝሰሓበት ደርፊ 'ዋካ ዋካ'፡ ሻኪራ፡ ሕጂ'ውን ኣብ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ደጊማ ትምለስ ኣላ።

ኣብዚ. 11 ሰነ መጋረጃኡ ዝኸፍት ዋንጫ ዓለም 2026፡ ደምጻዊት ሻኪራ፡ 'ዳዳ ዳዳ' ዘርእስታ ወግዓዊ. ደርፊ ዋንጫ ዓለም 2026 ሒዛ ኣብ መኽፈቲ መድረኽ ክትረኣ'ያ።



እዛ ብቛንቋ ጣልያን ኣርእስቲ ተዋሂብዋ ዘሎ ደርፊ፡ ንዓለማዊ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ሓያል ጸዓት ንምፍጣር፡ ህርመት ቅዲ. 'ኣፍሮቢትስን ላቲን ፖፕን' ኣካቲታት ተዳልያ ኣላ። ምስ ሻኪራ ብምዃን ናይጀርያዊ ደምጻዊ ቡርና ቦይ'ውን ኣብ መድረኽ ክድይብ እዩ። ብዘይካዚ፡ እቶም ኣብ ውድድራት 'ብርትን ጋት ታለንትን ኣመሪካ ጋት ታለንትን' ስሞም ዝኸልዉ ኡጋንዳውያን ጉጅለ ቈልዑ 'ጌቶ ኪድስ' እውን ኣካል ናይዛ ወግዓዊት ደርፊ ዋንጫ ዓለም 2026 እያም።

እቲ ዝበዝሐ ሕደማ ናይዛ ደርፊ፡ ብቛንቋ እንግሊዝ ኮይኑ፡ ገለ ገለ ቃላት'ውን ብቛንቋታት ስጳኛ፡ ጃፓን፡ ፈረንሳ ተኻቲቶም ኣለው። ኣብዛ ደርፊ ሰማት ብምልኣን ተሳተፍቲ ዋንጫ ዓለም 2026 ተጸዊዑ ደርኪቡ።

ዳዳ ዳዳ ወግዓዊት ደርፊ ዋንጫ ዓለም 2026 ክትክውን ኣብ ወርሒ. ግንቦት እያ ተረቒቓ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ሰናይ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ. ኣቢዬቶ<br>ፋርማሲ. ኣኽርያ | 07/06/2026 | ጎደና ዓዲ. ኣቢዬቶ ቁ.89ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ኣር (ዓዲሰጉል)<br>መጨረሻታ ፈርማታ ኣውቶብስ ዓዲ. ኣቢዬቶ<br>ጎደና ሸርኣት -135፡ ከቢ. ኣኽርያ | 08370129<br>07114040<br>08370238 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services